2014-05-20

# ንሓደስቲ መጻእተኛታት ተመሃሮ ጽቡቕ ትምህርቲ ምሃብ፤ ናይ ምሉእ ቤትትምህርቲ ሓላፍነት እዩ።

## እቲ መጽናዕቲ ከም ዘርኣዮ

- እተን ኣብያተትምህርቲ መደብየ ወጽኣን የተግብራን እየን፤ ይኹን እምበር ነቲ ትምህርቲ ብዝግባእ ደረጃ፤ ምስቲ ናይ ሓደስቲ መጻእተኛታት ተመሃራሮ ኣድላይነትን ኩነታትን፤ ከወሃህድኦ ኣይከኣላን።
- እተን ኣብያተትምህርቲ ነቶም ተመሃሮ ኣብቲ ዘሎዎም ዓቕሚከም ዚኣምኑ ምግባርን፤ ከበራትዑን፤ ኢዶምከሕወሱን ዜኽእል ኣገባብ፤ ብትሑት ደረጃ እየን ተጠቒመናሉ።

## ዝበለጸ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ርድኢትን ሓባራዊ ስትራተጂን

እቶም ሓደስቲ መጻእተኛታት ተመሃሮ፤ እቲ ዘጋጥሞም ኣገባብ፤ ዘየተባባዕ፡ ዘይብድህን ምስቲ ነናቶም ውልቃዊ ሃለዋትን ድማ ብዝተሓተ ደረጃ ዝተወሃሃደ እዩ።

እቶም ሓደስቲ ኮይኖ ዝመጹ ተመሃሮ፤ ኣብ ናይ ሽወደን ቤትትምህርቲ ክጅምሩ ከሎዉ፤ ዝተፈላልየ ተሞኩሮታትን፤ ኣብቲ ዓይነት ትምህርቲታት ድማ ነንበይኑ ዝኾነ ደረጃ ፍልጠትን ዘሎዎም እዮም። ገለ ኣብያተትምህርቲ እቲ ተመሃራይ እንታይ ፍልጠት ከም ዘሎዎ ንምርዳእ፤ ጽቡቕ ጻዕሪ ይገብራ እየን። ይኹን እምበር እኹል ዝኾነ ርድኢት ንምርካብ ዝጸዓረት ግን ዋላ ሓንቲ ቤትትምህርቲ ኣየላን። እቲ ናይ መጀመሪታ ናይ ትምህርቲ እዋን፤ እቲ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ቋንቋ ሽወደን ምምሃር፤ እቲ ዝወሓደ ድማ ኣብ ዓይነት ትምህርቲታትን ምምሃር ይጥቀማሉ። እቲ መጽናዕቲ ከም ዘርእዮ፤ እቲ ብቛንቋ ኣደ ዝተዳለወ ናይ ኣመሃህራ መደባት ውን ምስ ዚህሉ፤ እቲ ዚገበር ፍሉይ ሓገዛት፤ ንበይኑ ጠልጠል ዝበለ ድኣ እምበር፤ ምስቲ ካልእ ትምህርቲታት ዝተወሃሃደ ኣይኮነን።

እቲ ትምህርቲ ኣብቲ ጻዕሪ ናይቲ ውልቀ-መምህር ዝተመርኮሰ እዩ። ሙብዛሕትኦን ካብቶም መጻናዕቲ ዝተኻየደለን ኣብያተትምህርቲ፤ ጥርኑፍ ዝኾነ ኣተሓሕዛን፤ መምሃራን ውን ነቶም ሓደስቲ ኮይኖም ዝመጹ ተመሃሮኦም፤ ጽቡቕ ትምህርቲ ንኽህብዎም፤ ምቹእ ኩነት ዘይፈጥር ኣወዳድባ ዘሎወን እየን።

## ንሓደስቲ መጻእተኛታት ተመሃሮ ብጽቡቕ ንምምሃር፤ ኣብያተትምህርቲ ዘድልየን

ኣብ ዝቕልጠፈ ጊዜ ናይቲ ቆልዓ ፍልጠትን ተመኩሮን ግቡእ መጽናዕርቲ ምግባር። ነቲ ዚግበር ኣመሃህራ ድማ ምስቲ ዝተግብረ መጽናዕቲ ምወህሃድ። ነቲ ሓድሽ ኮይኑ ዝመጸ ተመሃራይ ድማ፤ ዘድዮም ምስ ዚኸውን ብቛንቋ ኣዲኡ ናይ ኣመሃህራ መደብ ኣወጺእካ ምሃብ። ናይ ሓባር ስትራተጂ ምወጻእ። ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ድማ፤ ብኹሉ'ቲ ዓይነት ትምህርቲታት ከም ዚወሃብ ምግባር። ኩሎም መመሃራን ድማ፤ ናይ ቋንቋ መምሃራን ክኾኑ ይግባእ።

**Skolinspektionen**, Box 23069, 104 35 Stockholm, Besök: Sveavägen 159
Telefon: 08-586 080 00, Fax: 08-586 080 10
www.skolinspektionen.se